# ጂኦግራፊያዊ ኣመቓራርሓ ክታበት: እተን 24 ንኡሳን ዞባታት 45 ሚእታዊት ይውሰኽን

ሓድሽ ኣቀማምራ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ከም ዘርእዮ፡ 60 ሚእታዊት ዳግመ ምምቕራሕ ዝብል ነተን ለብዒ ዘይገነነን ንኡሳን ዞባታት ካብ 35 ሚእታዊት ንላዕሊ ካብቲ ዘለወን ትሕዝቶ ክታበታት ንክልግሳ ክግደዳ ከም ምኳነን ኢዩ። መታን ካብቲ ዝተወጠነ ንላዕሊ ከይልግሳ ከኣ እተን ዝያዳ ዝልገሰለን ንኡሳን ዞባታት እቲ ዝውሰኸን ናብ 45ሚእታዊት ብምውራድ ብዝብል ዳግመ ምምቕራሕ ነካይድ ኣለና።

መንግስቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ከም ዝወሰኖ እተን ለብዒ ዝገነነን ንነዊሕ ሕዋን ብተረርቲ ስጉምቲታት ክቐየዳ ዝጸንሓን ንኡሳን ዞባታት ዝያዳ ክታበታት ንክውሰኸን ዝዓለመ ውሳኔ ኢዩ ኔሩ። ን24 ንኡሳን ዞባታት ዘጠቓለለ ኰይኑ 60 ሚእታዊት ክታበታት ንክውሰኻ ኢዩ ኔሩ።

ማዕረ ማዕሪኡ ንመንግስቲ ኣገዲስዎ ዝነበረን ሕጂ እውን ዘገድሶን እንተሎ እተን ንኡሳን ዞባታት ዘኸተለለን ሳዕቤናት ንክቈጻጸረአ ኢዩ። እተን ንኡሳንን ዞባታት ከም ዝበሎኦ ክኸብደን ከም ምኳኑ ኢዩ፡ እተን ዝበዝሓ ግና ክምክትኦ ከም ዝኽእላ ኢየን ገሊጸን።

–መንግስቲ ብዝደምደሞ ወላ ሓንቲ ትኹን ካብተን ዝልግሳ ንኡሳን ዞባታት ካብ 35 ሚእታዊት ንላዕሊ ክልግሳ ከምዘይምኳነን ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ ብመሰረት እቲ ተወጢኡ ዘሎ ዳግመ ጂኦግራፊያዊ ኣመቓራርሓ ብዝሒ ዝልገስ ክታበታት 45 ሚእታዊት ከም ምኳኑ ኢዩ።

ትካል ህዝባዊ ጥዕና ከም ዘረጋገጾ ደረጃ ኣድማዕነቱ ኣብ ቦትኡ ክህሉ ከም ምኳኑ፡ ንናይ ክረምታዊ ሰደቓ ግዜ ክትበት ክንድቲ ዘስዕበሉ ለውጢ ከምዘይህሉ ሚንስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ የተሓሳስብ።

ገለ ካብቲ እዞም ሓደስቲ ኣሃዛት ንክብጽሑ ዝተመርኰስዎ መሰረት ብዙሓት ካብተን ክታበታተን ዘይንከየለን ንኡሳን ዞባታት ኣብ ግምገማዊ ዝርዝሮም ስለ ዘማልእዎን ኢዮም። ብተወሳኺ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ንምምቕራሕ ክታበታት ዘመቻችእ ኩነታት ዝረኣይዎም ኔሮም ኢዮም። እዝታት ኣብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዘካየድዎ ግምገማታቶም ኣብ ግምት ኣይአትውዎን ኔሮም።

–.ኣስታት 35 ሚእታዊት ዝብል ደረት ብምህላው፡ ነተን ንኡሳን ዞባታት ዘስዕበለን ስግኣታት ምድኑጓይ የነክየለን ኢዩ። ኣብዘን ዝመጽኣ ሳምንታት ንኖርወይ ዝመጽእ ክታበታት እናኻዕበተ ኢዩ ክመጽእ።

ንመስርሕ ኣከታትባ ናይተን ንኡሳን ዞባታት ድማ ብሰንኪ ዳግመ ምምቕራሕ ደው ኣይክብልን'ዩ፡ ብኣንጻሩ እተን ክታበታት ዝውሰኻን 24 ንኡሳን ዞባታት መስርሕ ኣከታትበአን ክቃላጠፍ ኢዩ ይብል ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ንክመጻና ንጽበዮ ዘለና ብዝሒ ክታበታት ዕንቅፋት ምስ ዘየጋጥሞ፡ ኩሎም እቶም ኣብተን 24 ንኡሳን ዞባታት ዝርከቡ ልዕሊ18 ዝዕድሚኦም ኣብ ውሽጢ ወርሒ መፋርቕ ሓምለ ንክኽተቡ ዕድል ክወሃቦም ኢዩ። እዚ ብመሰረት ኣቀናባብራ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ዘሎ ግምገማ ኢዩ።

– ኣብ ዘለና ሓደስቲ ሓበሬታታት ምስ እንምርኰስ ኣብ ካልኣይ ሰሙን ናይ ሰነ ከምቲ ቅድመ-ሕጂ ዝነበረና ገምጋም 340 000 ዘይኮነስ፡ ኣስታት 300 000 መራፍእ ክታበታት ኢዩ ክመጻና። መታን ተታሓሒዝናዮ ዘለና ውጥን ክትበትና ከይማዛናበለና እቶም ክታበታት ኣብ ዝቐልጠፈ ክንርከቦም እውን ንምነ ብምባል ቤንት ሀይየ ቃሉ ይዓጹ።